ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

# Eritrean National Salvation Front

ኣብ ሑ.መ ኣ U.S.A ግ.ሃ.ድ.ኤ  ጨንፈር ካልፎርኒያ



ንዝኽሪ ነብሲሄር ሓርበኛ አዮብ ብስራት ብጨንፈር ካሊፎርኒያ ኣብ U.S.A ዝተዳለወ ናይ ሓዘን'ን መፋነውን ስነ ስርዓት ብዕለት 3/1/2010 ኣብ Oakland ተኻይዱ። ሓው ገብሪሂወት (ኣቡዓሸራ) ን ዝኽሪ ሓርበኛ ተባዕ ነብሲሄር ኢዮብ ብስራት ተሲእና ጸሎት ንግበረሉ ኢሉ ንቲ ሓዘን ብዕሊ ከፈቶ።ሓው ገብሪሂወት ሞያ ናይ ሓርበኛ አዮብ ብስራት ኣፍልጡኡ ክገልጽ እንክሎ ነቲ ቅዱስ ዕላሙኡን ቁዱስ ሓላይ ህዝቡን ሓላይ ሃገሩን ከም ለጋሲ ምኽርን ከም ዝነበረን ሓርበኛ አዮብ ብስራት ቡቁዕን ብሱሉን ኮይኑ ኣብ ጽፍሒ መሪሕነት ኾይኑ እጃሙ ዘበርክቶ ዝነበረ አዮብ ዝመርሖ ዝነበረ ኣኼባ ምስ ስእላዊ መግለጺ ብ ፕሮጀክተር ኣብ ዓቢ እስክሪን ገይሩ ብዛዕባ ሓድነትን ጥርናፌን ሓርበኛ አዮብ ብስራት ክገልጽ ከሎ ምርኢት ኣብቲ መሕዝኒ ቦታ ብሕጽር ዝበለ መግለጺኡ ኣቕሪቡ።

ክፋል ካብቲ ምርኢት ሞያ ሓርበኛ አዮብ ብስራት ምስ ደክቶር ሃብተ ዝመርሖ ኣኼባ



ሓው ገብሪሂወት (ኣቡዓሸራ) ድሕሪ ነቲ ሓዘን ከፍቱ ስእላዊ መግለጺ ናይ ሓርበኛ ነብሲሄር አዮብ መግለጺኡ ዛዘመ። ሲዕቡ ኣባል መሪሕነት ግ.ሃ.ድ.ኤ ኣባል ባይቶ ሓው ሮሞዳን ሳልሕ መግለጺ ኣፍልጡኡ ኣብ ነብሲሄር ኢዮብ ብስራት ዘለዎ ኣፍሉጠ ዓሚቅ ሰፊሕ መግለጺ ታሪክ ሓርበኛ ነብሲሄር አዮብ ብስራት ክገልጽ እንክሎ ብጻይ አዮብ ግልጽነት ዘለዎ ጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ልዕሊ ኹሉ ሰሪዑ ዝኸይድ ተባዕ ተቃላሳይ ከም ዝነበረ ገሊጹ ኣስዒቡ ኣብ ዝተፋላለየ ኣብ ዝላዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ኮይኑ ጊዱኡ ዘወፌ ዝነበረ ንጌጋ ጌጋ ኢዩ ዝብል ኣብ ቅድሚ ኢዮብ ሓሶት ዝዛረብ ብቀጥታ ዝገጥም ተባዕ ቆራጽ ብጻይ

ከሲርና እናበለ ነዊሕ መግለጺ እና ሃበ መንነት ሓርበኛ ነብሲሄር አዮብ ብስራት ነቶም ኣብ ሓዘን ዝተሳተፉ ለዋሃት ሩህሩሃት ጉዱሳት ዜጋታትና ኣላልዩ።

ከሙኡ ውን ኣባላት ጨንፈር ግ.ሃ.ድ.ኤ ካሎኦት ብጉዳይ ሃገሮምን ህዝቦምን ተሓለቅቲ ሩህሩሃት ተሳተፍቲ ሓዘን ተተሲኦም ናይ መሪር ሓዘን ምስ ሕንቅንቅታ ዝመልኦ ጓህን መግለጺ እና ሃቡ እተፋላለየ መግለጺ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ሂቦም።

ስእላዊ ምርኢት ናይ ርህራሄ ሓዘን ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት








ንኹሉኹም ፈተውትን ጉዱሳትን ጻዊዒት ጨንፈር ግ.ሃ.ድ.ኤ ኣክቢርኩም ኣብ መሕዘኒ ብጻይናን መቃልስትናን ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት መጺእኩም ተኻፊልቲ ሓዘና መጺእኹም ኣጻናኒዕኩም ሓገዝኩም ዝለገስክምልና ብታዕሚ ነመስግን ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።






